# ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-ማሰረት (ጨንፈር ጅዳ) ዕውት ጉባኤ ኣካይዱ!!

መቀጸልታ ናይቲ ዕውት ሳልሳይ ጉባኤ፡ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለን ማእከላይ ሜሕነትን ሰልፊ ዝተረኽብዎ፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ (ማሰረት) ጨንፈር ጅዳ ብጅምዓት 30/11/2018 ዕውት ጉባኤ ኣሕሊፉ። ኩሎም ተጋባእትን፡ ሜሕነት ሰልፍን ከምኡውን ዑዱማት ኣጋይሽን ምስ ተረኽቡ ኣቦ-ወንበር ኣሳናዳዊ ሽማግለ ጉባኤ ብዕሊ ከፊትዎ።

ጉባኤ ብዕሊ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ ን ኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ሽማግለ ሓውኣንዋር ኢብራሂም (ኣቡ ረያን) ወኪሉ ንጨንፈር ጅዳ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም ዝብል ሜልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ ንጉባኤ ኣሜልኪቱ ድማዕውት ክኸውን ትምኒቱ ገሊጹ።

ድሕሪ'ዚ ኣሰናዳዊት ሽማግለ፡ ጉባኤ ንምድላውዘካየደቶ ማስርሕ ብዝርዝር ንጉባኤኛታት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣጀንዳ ናይ ጉባኤ ንተጋባእቲ ምስ ኣላለየት ቀጥታ ናብ መደብ ኣተወት።

እቲ መደብ ከምልመድ ብኣቦ-ወንበር ጨንፈር ንጥፈታውን ቁጠባውን ጸብጻብ ቀሪቡ፡ ዘድሊ ክትዓትን ምጽብጻብን ምስ ተኻየደሉ ድማእቲ ጸብጻብ ብተጋባእቲ ጸዲቁ። ስዒቡ ነቲ ኣብ ጉጅለታት ዝተዘተየሉ ውሽጣዊ ሕጊ ጨንፈር ዘድሊ ምምሕያሻት ምስ ተገብረሉ ብድምጺ ኣጽዲቁ።

ኣብ መንጎ ሓሓሊፉ፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፍን ካልኦት ኣባላት ፈጻሚትን ማእከላይ ሜሕነትን ከምኡውን ግዱሳት ኣሕዋትን እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም ንምባል ብዝተፈላለየ ኣገባብ ሜልእኽቶምኣ ማሓላሊፎም።

ተጋባእቲ ድሕሪ ናይ ድራር ዕረፍቲ፡ ንጨንፈር ትመርሕ 5 ሓዳስ ኣባላት ሜሕነትን 2 ተጠባበቕትን ሚሪጾም። ብዘይካ'ዚ ነቲ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝተወሰነ ማስርሕ ናይ ሓድነት ኣብ ሜፈጸሽትኡ ንምብጻሕ ሜሕነት ሰልፊ ምእንቲ ዕላማኸን ሓድነት ህዝብናን ኩሉ ሕድገታት ክገብሩ ሓያል ለብውኡ ኣማሓላሊፉ።

ኣብ ሜፎሽታ፡ ቁጠባ ሰልፊ ንምሕያል ተባሂሉ ሓዲሽ ናይ ወፈያ ሳንዱቕ ድሕሪ ምምስራት፡ ካብ ተጋባእትን ተሳተፍቲ ጉባኤን ዝተፈላለየ ለበዋታት ድሕሪ ምስማዕ ጉባኤ ብዓወት ተዛዚሙ፡

**ዓወት ንወጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና፡ ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !!!**

**ክፍሊ ዜናን ምንቅቓሕን**
**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት**
**01-12-2018**